Mater
Health Services Brisbane Limited

TIGRINGA



# ኣውስትራሊያ ምስ ኣተኻ/ኺ ዝግበር መርመራ ጥዕና

## ድሕረ-ባይታ፡-

- ንኣውስትራልያ ዝመጹ ቡዙሓት ሰባት፡ ዱሩት ዕድል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝነበሮም ኢዮም።
- ጠንቂ ዘይተማልአ ጥዕና ዘይጥጡሕ መንብሮ፣ ሕጽረት ዝተመጣጠነ ማዕዛዊ መግቢን ዋሕዲ ጽሩይ ዝስተ-ማይን ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም።
- ሰባት፡ ብተወሳኺ፡ ኲናት፣ ምብትታን ስድራ-ቤታት፣ ዓረከ-መሓዛ ምስኣን፣ ከምኡ'ውን ምግሃስ ሰብኣዊ-መሰል ዘስዓቦ ምርብባሽ ኩነተ-ኣእምሮ ክህልዎም ይኽእል'ዩ።

## መርመራታት ጥዕና፡ ቅድመ-ጉዕዞ (Pre-travel health checks)

- ሒደት ሰባት፡ ኣውስትራልያ ቅድሚ ምምጽኦም መርመራታት ኤች.ኣይ.ቪ. (HIV)፣ ዓባይ-ሰዓል (ቲ.ቢ./T.B.)ን ካልኦት መርመራታት ጥዕና ከም ሕማም ዓሶ (Malaria) ተገይርሎም'ውን ይኸውን ኢዩ።
- ብተወሳኺ፡ ሒደት ሰባት ሕክምና ጸረ-ሓሳኹ፣ ክትባት ጸረ፡ ንፍዮ (measles) ፣ ጽግዕ (mumps)ን ሩቤላን (rubella) ተገይሩሎም ይኸውን።
- መርመራታት ጥዕና፡ ቕድመ-ጉዕዞ፡ መብዛሕትኡ እዋን ብዙሕ ኣዋርሕ ዘቑጸሩ ኢዮም። ጥዕናዊ ጸገማት፡ ውጽኢት መርመራ፡ ኽምዕብሉ ይኽእሉ ኢዮም። በዚ ምኽንያት፡ ኣውስትራልያ ድሕሪ ምምጻእካ/ኪ፡ ገሊኦም መርመራታት ጥዕና፡ ዳግማይ ክግበሩ ይኽእሉ ኢዮም።

## ኣውስትራሊያ ድሕሪ ምእታው፡ መርመራታት ጥዕና፡ ንምታይ ኣድለየ?

- ኣቐዲሞም ከይነጸሩ ዝጸንሑ ጥዕናዊ ጸገማት ዘነጽርን ደረጃ ጥዕናኻ/ኺ ኣብ ውስትራልያ ዘመሓይሽን ኣገዳሲ ስጉምቲ ስለዝኾነ።
- ሕማም እንተ ተነጺሩ ድማ፡ ኣድላዩ ኣንተኾይኑ ድማ ሕክምናዊ ረድኤት ንኽግበረልካ/ኪ ኢዩ።
- ብበዓል-ሞያ ክንክን ጥዕና ፉሉይ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ናብ ትረኽበሉ ዝማዕበለ ክፍሊ ኣገለግሎት-ጥዕና (ንኣብነት ኣገልግሎት፡ ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሕክምና ስኒን ዓይኒን ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ምኽሪ) ክትልኣኽ/ኺ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

## መርመራ ጥዕና፡ እንታይ የጠቓልል፡-

መርመራ ጥዕና ንነፍሲ ወከፍ ኣውስትራልያ ዝኣተወ ሰብ፡ እንኮላይ ህጻናት፡ ኢዩ ዝግበር። እቲ መርመራ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሰዓት ክወስድ ይኽእል፤ እዞም ዝስዕቡ ድማ ይሓቁፍ፡-

- ንጥዕናኻ/ኺ ዘመልክቱ ሕቶታት
- መርመራ ኣካላት ሰብነት
- ንመወከሲ መርመራ ዘገልግል ደም፣ ሽንቲን ቀልቀልን ምውህላል
- ክትባታት

እቲ በዓል-ሞያ ክንክን ጥዕና ፡ ኣውስትራልያ ቅድሚ ምምጻእኻ ንዝነበረካ/ኪ ተሞክሮታት ዝተኣሳሰሩ ሽግራት ኣንተድኣ ሃልዩካ/ኪ ክሓትት ይኽእል ኢዩ። ነዞም ጉዳያት ብዝግባእ ምብዳህ ክትክእል፡ ክተሓጋገዙኻ ዝኽእሉ ምዕቡላት ኣገልግሎታት ኣለዉ። ሓደ-ሓደ ግዜ፡ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ናብቲ ክሊኒክ ወይ ቤት-ጽሕፈት በዓል-ሞያ ጥዕና ምብጻሕ ከድልየካ/ኪ ይኽእል ኢዩ።

## ምሳኻ/ኺ እንታይ ምምላእ የድልየካ/ኪ?

- ካርድ ወይ ቁጽሪ ሜዲኬር (እንተ'ሃልዩካ/ኪ)
- ጸብጻብ ሓበሬታ ጥዕናኻ/ኺን ሰነዳት ክትባትን
- ብትሑት መጠን ክፍሊት ኣገልግሎታት ጥዕና ክትግልገለሉ ዘኽል ካርድ (ሄልዝ-ኬር ካርድ / Health Care Card)





## መርመራ ጥዕና ድሕሪ ምግባር፡ እንታይ ትገብር/ሪ?

በዓል-ሞያ ክንክን ጥዕና፡ ድሕሪ ውጽኢት መርመራ፡ ንኽትምለስ/ሲ ክሓተካ/ኪ ይኽእል ኢዩ። ከምዚ ዝግበረሉ ምኽንያት፡ ከም ኣድላይነቱ፡ ሕክምናዊ ፍወሳን ቀጻሊ-ክትትል ንምስራዕን ኢዩ።

## መሰል ስትረት፡-

ኣገልግሎት መርመራ ጥዕና ብዘይ ክፍሊት ዝወሃብ፣ ሚስጢራዊነቱ ዝተዓቀበን ናያ ኣውስትራልያ ነባርነትካ/ኪ ጨሪሱ ዘይጸሉን ኢዩ። ኩሎም ውጽኢታት መርመራ ስቱራት፤ ብዘይ ወለንታዊ ፍቓድካ/ኪ ኣብ ክንክን ጥዕናኻ/ኺ ንዘይሳተፉ ሰባት ፈጺሙ ክልገስ ኣይክእልን ኢዩ። ሰብ ሞያ-ጥዓና፡ ጥዕናዊ ኩነታትካ/ኪ፡ ብዘይካ ክንክን ጥዕና ምስ ዝልግሱልካ/ኪ ሰብ-ሞያ ጥዕና፡ ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ክመያየጥሉ ኣይፍቀዶምን ኢዩ።

## ኣስተርጎምቲ፡-

እንግሊዝኛ፡ ቋንቋ መፍትሒ ኣፍካ/ኪ እንተዘይ ኮይኑ፡ ምስ በዓል-ሞያ ጥዕና ኽትረዳዳእን ተጠቃሚ ብሉጽ ክንክን ጥዕና ኽትከውንን ኣስተርጓማይ (ቱርጁማን) ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ። ንበዓል-ሞያ ጥዕና፡ ኣስተርጓማይ ንኸዳለወልካ/ኪ፡ ብኣኽብሮት ተወከስ/ሲ፤ እንተዘየሎ "ኣገልግሎት ምስቱርጓም ብስልኪ መስመር" (**Telephone Interpreter Service (TIS)**) ንኽቐርበልካ 131 450 ብምድዋል ተወከስ/ሲ። ኣገልግሎት ምስትርጓም፡ ሓኪም ስድራ-ቤት፡ ብነጻ (ብዘይ ክፍሊት) ዝግልገለሉ መሳለጥያ ኢዩ።

## ክትባት ጠቓሚ ኢዩ፡-

- ህጻናት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምስታፍ፡ ሙሉእ ብሙሉእ ክኽተቡ ይግባእ። ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዘይተኸተቡ ህጻናት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዘይክቐበላ ይኽእላ ኢየን።
- ግቡእ ናይ ክትባት መስርሕ ወሲዶም ዝወድኡ ህጻናት፡ ነዚ ዝገልጽ መሰነይታ ድብዳቤ ናይ ሓኪም ስድራ-ቤት ክህልዎም ይግባእ።
- ወለዲ ደቆም፡ ዝግባእ መስርሕ ክታበት ተኸታቲሎም ከምዘማልኡ ምርግጋጽ ሓላፍነቶም ኢዩ።
- ክፍሊት ማሕበራዊ ድሕነት (Centrelink) ንምቅዳው፡ ደቆኹም ሙሉእ ብሙሉእ ክኽተቡ ይግባእ።

ክታበት ረብሓ መላእ ሕብረተሰብ የገልግል!

ሓበሬታ ጥዕና፡ ዝተተርጎመ www.communityhealthhub.com.au ምስጋና፡ ምንጪ ሓበሬታ ንዝኾነ ደቡባዊ ምብራቕ ሲድኒ፡ ጥዕና ኢላዋራ፡ ኒው-ሳውዝ-ዌልስ (NSW)



